# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንተጠቀምቲ ኢንሱሊን

## ምፍራይ ሓያሎ ዓይነታት ኢንሱሊን ይቋረጽ ኣሎ። ካብዚኦም ሓደ ትጥቀም እንተ ኣሊኻ፡ ካልእ ዓይነት ኢንሱሊን ምጥቃም ክትጅምር ኣሎካ። ሓድሽ ናይ ሓኪም ወረቐት ትእዛዝ ንምርካብ ምስ ሓኪምካ ተራኸብ።



እዞም ዝስዕቡ ፍርያት ኢንሱሊን ይቋረጹ ኣለዉ፦

- ኢንሱላታርድ ፍሌክስፐን/ፔንፊል
- ኣክትራፒድ ፔንፊል
- ሌቨሚር ፍሌክስፔን/ፔንፊል
- ኖቮሚክስ 30 ፔንፊል
    - ፍሌክስፐን ክቕጽል እዩ።
- ፊያስፕ ፓምፕካርት
    - ቫያልስ፡ ፍሌክስታች፡ ከምኡውን ፔንፊል ክቕጽሉ እዮም።

ኣማራጺ ዓይነታት ኢንሱሊን ኣብ ኖርወይ ብቐሊሉ ኺርከብ ይከኣል እዩ።

### እንታይ ክትገብር ኣሎካ፧

ቀልጢፍካ ምስ ሓኪምካ ተራኸብ። ናብ ካልእ ዓይነት ኢንሱሊን ምቕያር፡ ክትትል ዝሓትት እዩ፣ ልክዕ ዓቐን ንምውሳን ድማ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።

### እዞም ዓይነታት መድሃኒት ዝቋረጹ ዘለዉ ስለምንታይ እዮም፧

ነዞም ፍርያት ኢንሱሊን ዚጥቀሙ ሕሙማት ሒደት ጥራይ እዮም። ስለዚ፡ እቲ ኣቕራቢ ኣብ 2026 ኣብ መላእ ኤውሮጳ መሸጣ ከቋርጽ ወሲኑ ኣሎ።

Direktoratet for
medisinske produkter